# ሓዊ ኣይትዳጉኑ

## መንፈስ ኣይተጥፍኡ (1ተሰ. 5፥19)

ብሰንኪ ኣነስ ነዚ ብቑዕ ኣይኮንኩን ዝብል ፍርሃት ውሽጥና እናመስከረልና ክንብሎም ይኹን ክንገብሮም ዝግብኣና እሞ ሻላ ኢልና ዝሓለፍናዮም ኩነታት ኣይስኣንን እዩ ኢለ እኣምን። ክንዳይ ሳዕ ‘ኢለያ እንተዝኸውን ፤ ገይረያ እንተዝኸውን መን ምሃበ ኢልና ኣሎና። እዚኮ መንፈስ ቅዱስ መሪሑና ማለት እዩ። ብምንፈስ ምምራሕ ማለት ኣዝዩ ዝረቐቐ ክብጻሕ ዘይክኣል ተሞክሮ ወይ ህሞት እዩ ዝመስለና። ብዙሕ እዋን እቲ ብመንፈስ ምምራሕ ዝብሃል ዝምልከቶም ነቶም “ እተቐብኡ “ እዩ ኣነ እንታዋይ ኮይነ እየ ዝብል ትሑት ኣተሓሳስባ ኣሎና። ትዕቢት ዝመስለና ልዕሊ እተባሃልናዮ ምሕሳብ ጥራይ ክኸውን ከሎ ትሕቲ ብክርስቶስ ዝኾናንዮ ኮይንካ ምርካብ ንሱውን ትዕቢት ምኺኑ ኣይንዘንግዕ።

መንፈስ ቅዱስ ዕድመ ጾታ ብስለት ብቕዓት ዘይኮነስ ከም መጠን እቲ ልብና ንዕኡ ዝፈቐድናሉ ኣብ ውሽጥና ኮይኑ ንኹላትና ክመርሓና ፍታዉን ፍቓዱን እዩ። መንፈስ ዝጠፍእ እምበኣር ነቶም ናእሽቱ ዝመስሉ ንዕኡ ግና ኣገደስቲ ነገራት ሻላ ክንብሎም ከሎና እዩ። ንዓና ናእሽቱ ዝመስሉና ንዕኡ ግና ኣውራ እዩ። ከመይሲ እቲ ግበርዎ ወይ በልዎ ዝብለና ዘሎ መብዛሕትኡ ብዛዕባ ካልኦን ንኻልኦትን እዩ። በዚ ንኻልኦት ክነገልግል እምበር ንርእስና ክነገልግል ኣይኮነን። ንዓና ንእሽቶ ዝመስለና ንኻልኦት ግና ኣገዳሲ ነገር እዩ።

ኣብ 1ተሰሎንቄ 5፥19 ዘላ ‘ ኣይተጥፍኡ ‘ ትብል ዘላ ቃል ብግሪኽ *sbennumi* ክትንበብ ከላ ትርጉማ ድማ ንጓህር ሓዊ ብማይ ጌርካ ምጥፋእ ማለት እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዛ ቃል እተጠቐመላ ኣባህላ እቲ ነቲ ሓዊ እነጥፍኣሉ ማይ ኣብ ልዕሊ እቲ ማይ ምስ ፈሰሰ ከምዝሃፎ ንሕና ድማ መንፈስ ኣምላኽ ደጋጊሙ ብብዙሕ መገዲ ተዛሪቡና ምስ ዘይንሰምዖን ዘይንእዘዞን ምዝራብ የቋርጽ እሞ እቲ ድምጹ ብምህፋፉ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ድርቀት ከርእየና ደልዩ እዩ። እሞ ሃየ ነተን ናእሽቱ ዝመስላ መንፈስ ቅዱስ ክንገብረን ወይ ክንብለን ብዘይ ምግባርናን ምባልናን መንፈስ ኣይነጥፍእ።